ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ንቢሮ ግልጋሎት ዝዉዕል ዝተፈላለየ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቕሑት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ የካቲት 17, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 1, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 1, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

1 ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝከፈልክሙን ንግዲ ፍቃድ ዘሐደስኩምን

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

3 ብመቅረባይነት ዝተመዝገብኩም መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

4 ተወሰክቲ እሴት ታክስ ዝተመዝገብክሙን ከምእዉን ሕሉፍ ወርሒ ናይ ቫት ዲክለሪሽን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

5 ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ክዕፍሊ ዕደጋ ቢሮ ቁፅሪ 42 ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ ብር 100 ብምክፋል ምዉሳድ ይከኣል

6 መክበሪ ጨረታ ናይ መኪና መለዋወጢ 15000 / ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ / ብመልክዕ ስፒኦ ጥራሕ ከትሕዙ ዝክእሉ

7 ናይ ጨረታ ሰነድኩም ብሸምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ሐደ ዋናን ሐደ ቅዳሕን ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ቢሮ ቁፅሪ 3 ኣብ ስራሕ ሰዓት ምእታዉ ትክእሉ

8 እቲ ጨረታ ዝክፈተሉበ 1 መጋቢት 2017 ዓም ቅድሚ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:30 ይክፈት

9 ሰዓራይ ትካል ብዝተዉሃቦ ዝርዝር መዓቀኒታት ማለት እዉን እስፔስፊኬሽን መሰረት ዘቅርብን መወዳደሪ ዋጋ ቫት ሓዊሱ ከቅርብ ይግባእ ዝቀረበዉ መዋዳዳሪ ዋጋ ቫት ክምዝተሐወሶ ገይርካ ይዉሰድ

10 ተጫራታይ ብረቆሒ መሰረት ዋና ኣቅሓ ከቅርብ አለዎ

11 ሰዓራይ ትካል ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ቢሮ ሐለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ አታዊ ይገብር

12 ሰዓራይ ትካል ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልቲ አታዊ ይገብር

13 ነዚ ዝተዳለወ ጨረታ ሰነድ ካብ ክይዲ ዕደጋ ቢሮ ክፍል ቁፅሪ 3 ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ትክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 03444400451

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle